ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

ዜና

ምምሕዳር ከተማ ዓዲ ቀይሕ ንዜጋታት ከባቢኣ ብዘይፍቓድ ንኡስ ዞባ ጥሪት ምሻጥ ከልኪሉ፥

ኣብ ገጠራት ከባቢ ዓዲ ቀይሕ ዝቅመጡ ዜጋታት ካብ ቀደም ኣትሒዞም ጥሪቶም ኣብ ዕዳጋ ዓዲ ቀይሕ እናሸጡን ካብኡ ዘድልዮም ሸቀጣት እናዓደጉን፡ ናይ ዕዳጋ ልዊውጥ ኪገብሩ ጸኒሖምን ዘሎዉን።

ሎም ቀነ ድሮ ዒድ ኣል-ኣድሓ ብምዃኑ፡ ዜጋታት ካብ'ቲ ገጠራት ከባቢ ዓዲ ቀይሕ ኩነታት ዕዳጋ ከም ቀደም መሲልዎም፡ ጠለ-በግዕን ኣብዑርን ክሸጡን ንዒድ ኣል-ኣድሓ ዘድልዮም ነገራት ኪሽምቱን ብዕለት 4 ነሓሰ 2019 ናብ ዕዳጋ ዓዲ ቀይሕ ኣቲዮም።

ምምሕዳር ከተማ ዓዲ ቀይሕ ካብ'ቲ እትቅመጡሉ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ክንደይ ጠለ-በግዕን ኣብዑርን ኪትሸጡ ዘፍቀደልኩም ፍቓድ ስለዘይብልኩም፡ ኣብ ዕዳጋ ዓዲ ቀይሕ ከብቲ ይኹን ጠለ በግዕ ኪትሸጡ ኣይፍቀድን'ዩ ኢሉ ከምዝከልከሎም፡ እሙናት ምንጪታት ሓቢሮም። ብስንክኡ ድማ እቶም ካብ ከባቢ ዓዲ ቀይሕ ዚመጹ ዜጋታት ከም ኣልባሳት፣ ሳኣኒ፣ ጨው፣ በርበረን ካልእ ኣድላይ መሕለፊ ዒድ ዝከውን ሸቀጣትን እንከይሸመቱ ጠለ-በግዖምን ኣብዑሮምን ሒዞም ብጓሀዩ ተኮምቲሮም ከምዚተመልሱ፡ እቶም ምንጭታት ወሲኹም ገልጾም።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ

6 ነሓሰ 2019